# ታሪኽ ሕይወት

## ክቡር ኣባ ክብሮም ጸጋይ


በጉ 24.3.1947 - ኣክራ 21.6.2024



1. **ትውልዲ፥**

ብ1934 ብቅዱስ ኪዳናዊ ሕይወት ካብ ዝተጸምዱ ወለዲ፡ ኣቶ ጸጋይ ገብረሚካኤልን፣ ወ/ሮ ኣምና ሕሻል ሲላን፡ ካብ ኣሕዋቶም ኣብ ራብዓይ ደረጃ ዝስርው፡ ኣባ ክብሮም፡ ብ24 መጋቢት 1947 ኣብ በጉ ተወልዱ። ጸጋ ጥምቀትን ምሥጢረ ሜሮንን ተቐቢኦም ምስ ስድራኦም ተኹስኵሶም ዓበዩ። ።

2. **ትምህርቲ - ምእታው ገዳም፥**



- ➢ ብጥቅምቲ 1959: ንኡስ ህፃን ክብሮም፡ ንመጀመርያ ጊዜ ኣብ በጉ (ገዓብ) ዝተኸፍተ መባእታዊ ቤ/ትምህርቲ ኣትዩ ፍልጠት ክቀስምን፡ 2ይ ክፍሊ ክበጽሕ ከኣለ።
- ➢ ካብ 1961-1965 ኣብ ዝነበሩ ዓመታት ኣብ ገዳም ዘርአ ክህነት ከረን ኣትዩ ካብ ጥቅምቲ 1961-1965 ተማህረ።
- ➢ ካብ 1966-1968 ኣብ ኣሥመራ ማእከላይ ደረጃ፣
- ➢ ካብ 1969-1974 ድማ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ኣጠናቐቑ።

ካብ 1969-70 ። ንሓደ ዓመት ድማ ዓመተ-ኣገልግሎት ኣብ ገዳም ዘርአ ክህነት ከረን ገበረ።

- ❖ ካብ 1969-1973 - Propedeutic (ንትምህርተ-ፍልስፍናን ተኦሎጊያን መባእታ) ተኸታቲሉ ቀጺሉ ንክልተ ዓመት ትምህርተ ፍልስፍና ተማህረ።
- ❖ ካብ 1976-1978 - ኣርባዕተ ዓመት ትምህርተ ተኦሎጊያ ተማህረ።

ብዘመን ሓፀይ ኃይለሥላሴ፡ብ21 ኅዳር 1970 (20th November 1970) ሜ/ጀነራል ተሾመ ዕርገቱ ብተጋደልቲ ኣብ ከባቢ ዔላበርዕድ ብድብያ ኣብ ዝተቀትለሉ፡ ኣብ ርእሲ ሰላማዊ ሕዝቢ ያናን በስክዲራን ኣደዳ ግፍዒ ኣስዓበ፡ ዓድታት ነደዳ፣ ታቦት ገዓዘ፡ ኣብ ርእሲ መንእሰያት ጽዑቕ ክትትል፡ ምእሳርን ምክልባትን ተኻየደ፣ ኣብ ምድሪ ሰንሒት ዝርከባ ዓድታት/ቍሸታት፡ ኣብ ከተማን ሓውሲ-ከተማን በስገዳድ ክጥርነፉ ኣዋጅ ተመሓላለፈ። ከተማ ከረን፣ ሓጋዝ፣ ሓቢንመንተል፡ ዔላበርዕድ ብተመዛበልቲ ኣዕለቕለቀ። መንእሰይ ክብሮም፡ ካብ'ዚ ርሱን ኵነታት ብምግላል፡ ትምህርቱ ኣቛሪጹ፡ ኣብ ተሰነይን ሑመራን፡ ንርእሱን ሥድራቤቱን ክሕግዝ ኣብ ሕርሻዊ ንጥፈታት ተዋፈረ።

ደርግ ብ1974 ሥልጣን ሒዙ፡ ዝኸፍአ ጭከና ሳዕሪሩ ብምንባሩ፡ ሕጂ'ውን ትምህርቱ ኣቛሪጹ ንልዕሊ ሓደ ዓመት ኣብ ከረን ጸንሐ። በዓል ጽቡቕ ዝኽሪ፣ ብፁዕ ኣቡነ ኣብርሀ ፍራንሷ፡ በቲ ጽንኩር ዓመታት ንሕዝቢ ከረንን ከባቢኡን ከጸናንዑ፡ ሓዋርያዊ ምብጻሕ ክገብሩ መጺኦም ስለዝነበሩ፡ መንገዲ ከረን-ኣሥመራ ተዓጽዩ ብምንባሩ፡ ንክብሮም ካብ ከረን ነሥመራ ብነፋሪት ወሰድዎ።

3. **መዓርገ-ዲቍናን ክህነትን**



- 12 ኅዳር 1978 መዓርገ ዲቑና፣ ድኅሪ ሠለስተ ወርሒ ብ3 ታሕሣስ 1978፡ ብብፁዕ ኣቡነ ኣብርሀ፡ ኣብ ኣሥመራ ኪዳነ-ምሕረት ምስ መዘናኦም ዝነበሩ ነፍሰ-ኄር ኣባ ያዕቆብ ተስፉ፡ መዓርጋት ተቐበሉ።

4. ተልእኮ ንዝለዓለ መንፈሳዊ ትምህርቲ

- ካብ ታሕሣስ 1978 ቤተክርስቲያን ንዝለዓለ መንፈሳዊ ትምህርቲ ምስ መኻህንቶም ኣባ ያዕቆብ ተስፉ ንቫቲካን ተላእኩ። ሓደ ዓመት ምሉእ ትምህርቲ ተኸታቲሎም፡ ብ1979 ብጊዜ ዕረፍቲ ንዓዲ ተመሊሶም ሓዋርያዊ ኣገልግሎት ከወፍዩ ከሪሞም፡ ብጥቅምቲ 1979 ትምህርቶም ክቕጽሉ ንሮማ ተመልሱ። ካብ ዩኒቨርሲታ ኡርባኒያና ብተኦሎጊያ ማስተርስ ዲግሪ፣ ካብ ናይ ቅድስት መንበር ክፍሊ መዝገበ-መጻሕፍቲ (ላይብረሪ)፡ ስነ-ስነዳ መጻሕፍቲ (ላይብረሪያን) ሰርቲፊኬት ረኺቡ። ብዝነበሮም ተገዳስነት ትምህርቲ ድማ፡ ኣብ ርእስ ምዱብ ትምህርቶም፡ ዘመናዊ ማኅተም ኣብ ሃገርና ቅድሚ ምእታዉ ጀሚሩ (1863) ክሳብ 1935፡ ብዛዕባ ሃገርና ከም ቀዳማይ ምንጪ መወከሲ ንዝኾኑ መጻሕፍትን-ብራናታትን እናተወከሱ፡ ኣብ ታሪኻዊ ምርምርን ተገዳስነትን ሕሉፍ ፍቕሪ ከሕድሩ ጀመሩ።

5. መንፈሳዊ ጉስነት

❖ 1982 – 30 ግንቦት 1991፥ ቆሞስ ደብረ ቅ. ሚካኤል ኣሸራን ከባቢኡን (12 ዓድታት ዘማእከለ) ን 9 ዓመትን 3 ኣዋርሕን መንፈሳዊ ኣገልግሎት ኣበርከቱ። ክሳብ መንሱራ - ሺተል - ሓጋዝ እናተጓዕዙ ኩነታት ሕዝቢ ይከታተሉ ነበሩ። ብ1984 ብድርቒ ክሳብ ሞት በጺሖም ዝነበሩ ተቐማጦ ሺተል፡ ቅልጡፍ ረድኤት ብምምጻእ ሕይወት ብዙሓት ኣድሓኑ።

- ሕዝቢ ኣሸራ ብድርቅን፡ ጽምኢ ማይን ጨኒቕዎ ንዝነበረ፡ ንደቒ-ዓዲ ብምውህሃድ ብጉልበቶም ዔላ ከምዝኹዕቱን ካብ ጸገማቶም ከምዝናገፉ ገበሩ። ቊምስና ዝግልገለሉ ዘመናዊ ቤተ-ቆሞስ ኣስርሑ።

6. ኣወሃሃዲ ክፍሊ ሕጹጽ ረድኤት ካቶሊካዊት ቤተክርስቲያን ምዕራባዊ ዕቕብና

❖ ዓመተ 1984-85 ሕሱም ድርቒ ንከባቢና ሃስያ ዘውረደሉ ዓመት ነበረ፣

- 22 ሰነ 1986 - ኅዳር 1991፡ ሃገርና ብዘይካ'ቲ ደማዊ ኩናት፡ ሕይወት ንጹሓት ዜጋታት ዘኸተመ ከይኣክል፣ ሕሱም ድርቒ'ውን እናተደጋገመ ንሕዝብና በሰላ ገዲፉሉ'ዩ። ኣቐዲሙ ክቡር ኣባ ክፍለማርያም ፋደጋ፡ ንጐላጉልን ሽንጥሮታትን ሰንሒት፣ ሓልሓል-በጎስ፣ ማርያ ጸሊምን-ቀይሕን፣ ምድሪ መንሳዕን፣ ምድሪ ሣሕልን ባርካን እናተወናጨፉ ሕይወት ብዙሓት ዘድሓኑሉ ዓመታት ነበረ። ክቡር ኣባ ክብሮም'ውን ናይ Relief and Development Coordinator of Western Vicariate of Keren መዝነት ተረኪቦም፡ ንሕዝብና ብዘይ ኣፈላላይ ሕያዎት ንዝለገስዎ ከበጻጽሑ ተረኺቡ። ብጊዚኦም ንኣውራጃታት ሰንሒት፣ ሣሕል፣ ባርካን ዘማእከለ ክፍሊ ሕጹጽ ረድኤት፡ ብሉጽ ኣገልግሎት ንኸህብ፡ ኣብ ዔላ-ፍረር (ካና-ከባ) ኣገልግሎት ዝህቡ ኣብያተ-ጽሕፈት፣ መኻዝን፣ ኮምፖርትን፣ ዔላ ኣስርሑ።




- ኣብ ቊምስና ቅ.ሚካኤል ከረን ተፋሪቑ ዝነበረ ጸጋማይ ክንፊ ህንጻ ቤተ-ቊምስና ከም ዝዛዘም ገበሩ።
- ኣብ ገዳም ቅድሥት ሥላሴ ጻዕዳ-እምባ ዝርከቡ መነኮሳን/ባሕታውያን ኣብ ጊዚኡ ዝነበረ ድርቒ ሃስያ ስለ ዘውረደ ነቶም ንቕድስና ርእሶምን ምእንቲ ሃገርን ንዝጽልዩ ደጊፎም ጽቡቕ ዝምድና ሰሪቶም ነበሩ።
- ምድሪ ሳሕል ብምሉኡ ሓዊ ዝተፍኣሉ ዝነበረ እዋን፡ ኣብ ፈቐዶ ሽንጥሮታት ተሓቢኦም ኣብ ኣፍ ሞት ንዝነበሩ፡ ኣብ ኣፍዓበት ቤ/ጽሕፈት ተኸፊቱ በቲ መሪር እዋን ሕዝቢ ከምዝዕንገል ገበሩ።
- በቲ ጊዜ'ቲ 'ሓራ-መሬት' ተባሂሉ ኣብ ዝስመ ከባቢታት ከይተረፈ፡ ብካቶሊካዊት ቤ/ክ ዝተኲዕታ ዔላታት (ድሪል) ብናቶም ጻዕርን ምውህሃድን ነበረ።

ኣብቲ ጸጥታዊ ኩነታት ሃገርና ኣዝዩ ተኻፊኡሉ ኣብ ዝነበረ ዘመን፡ ኣባ ክብሮም ምስ ተጋደልቲ ስምረት ኣሎኩም እናተባህሉ ብኣኽበርቲ ጸጥታ ሰፍ ዘይብል ክትትልን ምፍርራሕን ጸቕትን ይወርዶም ነበረ።

ብ21 ሓምለ 1987 ሕይወቶም ንኽሕጽሩ ኣብ መንገዲ ዶብዓት-ኣሸራ (ህመሚት ኣብ ዝተባህለ ቦታ)፡ ናይ መኪና ተፈንጃሪ ቦምብ ዘጻወዱሎም ከቢድ ጉድኣት ኣውሪዱሎም፣ መራሒ መኪናኦም ዝነበረ መንእሰይ ሕይወቱ ሓሊፈት። ካብ 1984 ክሳብ ዕለተ ናጽነት ኣብ ዝነበራ ዓመታት፡ ብጸጥታ እናተጸውዑ ምጒብዕባዕ፣ ናይ ሕይወት ስግኣት ይበጽሖም ነበረ።

ድኅሪ ናጽነት ሃገርና፥

- ካብ መስከረም 1995 - ሰነ 1998 ኣብ ሙዋንዛ (ሃገረ ታንዛኒያ)፡ Nygezi Social Training Institute ካብ ዝተሰምየ ተቝዋም፡ ናይ ጆርናሊዝም ዝለዓለ ዲፕሎማ (Advance Diploma) ረኺቦም ንሃገርና ተመልሱ።
- ካብ ኅዳር 1999-2001 ኣብ ዝነበሩ ዓመታት ኣብ ሃገራዊ ካቶሊካዊ ቤ/ጽሕፈት ኣሥመራ ብስምረት ጉባኤ ጳጳሳት ተመዲቦም፡ ናይ 'ሓዋርያዊ ኣገልግሎት' ኣወሃሃዲ፣ ሓላፊ 'ጋዜጣ ሓቕን-ሕይወትን' ከማኡ በቲ ጊዜ'ቲ ብናህሪ ዝላባዕ ዝነበረ ሕማም ኤች-ኣይቪ ንኽግታእ፡ ብሚ/ሪ ጥዕና ዝተማእከለ ፕሮጀክት ሃምሰት፡ ብመንገዲ ሃይማኖታት ኣብ ሕዝብና ኣፍልጦን ንቕሓትን ንኽዓቢ፡ መንእሰያት ካብ ፍንው ረኪብ-ሥጋ ክቍጠቡን፡ ካቶሊካውያን ሰበኻታት ኤርትራ ኣብዚ ጉዳይ ተጊህን ንክሰርሓ ጽዑቕ ጒስጓስ ገበሩ።
- ኣብ ክብሮም ወትሩ ካብ መጽናዕትን፣ ምምርማርን፣ ንዓበይቲ ካብ ምሕታት . . . ነቲ ዝረኸብዎ ሓበሬታ ለይቲ ካብ ድቃሶም ተበራቢሮም ክጽሕፉ ኢኻ እትርእዮም። በዚ ምኽንያት ጽምኢ ትምህርቲ ገና ስለዝነበሮም፡ ብ2004 ብናይ ግሎም ጻዕሪ ኣብ ሃገረ ጋና (ከተማ ኣክራ) ኣብ ዝርከብ University of Ghana – School of Communication ካብ ዝተሰምየ፡ ናይ ማስተርስ መዓርግ ረኸቡ። ክሳብ ዕለተ-ሞቶም ድማ፡ ታሪኻዊ ሰነዳት ምእካብን፡ ንመጻኢ ወለዶ ንምውራስ፡ ብዝቀሰምዎ ትምህርትን ዝንባሌኦምን ተደሪኾም፡ ንልዕሊ 20 ዓመታት ካቶሊካዊ ሰበኻ ጋና፡ መዝገበ ስነዳት (ኣርካይቭ) ኣጠጢሖሙሎም ይርከቡ። ኣብ ዝተፈላለዩ ጉባኤ ጳጳሳት ምዕራብ ኣፍሪቓ እናተዘዋወሩ ድማ ስልጠናን ትምህርትን ክህቡ ጸኒሖም። 'ንሕና ኣፍሪቓውያን ብዛዕባ ኤውሮጳውያን (ምዕራባውያን) ብዙሕ መጽናዕቲ ንገብር፣ ብዛዕባ ሃገርና ግና ድኹማት ኢና' እናበሉ፡ ጽዑቕ ጒስጓሳት ክግበር ይላበዉ።



ብጊዚኦም ዝተሰርሑ፥

- ❖ ኣብ ምዕራባዊ ዕቕብና - መጋቢ (3 የካቲት 1988 - ኅዳር 1991)
- ➢ ከም ካልኣይቲ ቍምስና ዘገልገሉላ ደብረ መድኃኔ ዓለም ሓቢንመንተል ነበረ። እዚ ንክልተ ዓመት ካብ 30 ግንቦት 1991 – 15 ሰነ 1993 ነበረ። ሓቢን-መንተል፡ ካብተን ዓበይቲ ቍምስና ኮይና፡ ግንከ ንምእመናን እተማእክል ቤተክርስቲያን ስለዘይነበረት፡ ቤተክርስቲያን ንክትስራሕ ነቲ መሬት ብዝግባእ ኣጠጥሑን፡ ኣእማን ከምዝጓረት ገበሩ። ኣብ ትሕቲኡ ዝመሓደር ደብረ ቅዱስ ጊዮርጊስ ሻርኪ'ውን መንፈሳዊ ኣገልግሎት ይህቡ ነበሩ።

- ❖ 15 ሰነ 1993 – 23 ነሓሰ 1995 ቆሞስ ደብረ ኣርባዕቱ እንስሳ ሓዲሽ-ዓዲ ዓንሰባ + ጒሽ
- ❖ ኣብ ቍምስና ቅዱስ ዮሴፍ በጉ - እናተመላለሱ ከም ቀዳሲ ኣገልገሉ
- ❖ ኣብ ናይ ኤጳርቅናታት (ከረን + ባረንቱ) ተቝዋም ትምህርተ-ፍልስፍናን ትምህርተ መለኮትን መምህር
- ❖ ካብ 3 ኅዳር 2008 - ንኣስታት ክልተ ዓመት ኣብ ሰበኻ ኣክራ (ጋና) ሓዋርያዊ ኣገልግሎት ከወፍዩ ጸንሑ።

- ካብ 26 ኅዳር 2008 - ክሳብ ዕለተ-ሞቶም 21 ሰነ 2024 ኣብ Fideum Donum መንፈሳዊ ኣገልግሎት ከወፍዩ ተረኺቡ።

ኣብ ኣክራ ኣብ ዝጸንሑሉ ዓመታት፡ ነቶም ብቍጽሮም ውሑድ ዝበሉ ኤርትራውያን፡ ሃይማኖት ከይፈለዩ ከም ኣቦ ኮይኖም ከተባብዕዎምን መንፈሳዊ ኣገልግሎት ክህብዎምን ጸኒሖም።

ኣብ ኣክራ ኣብ ዝነበሩሉ ዓመታት፡ ጥዕናኦም እናተጓደለ ብምምጽኡ፡ ንነዊሕ ዓመታት ዘሕለፍዎ ምክልባትን ጸገማትን፡ መደብ እግዚኣብሔርን ብምስንታን፡ Why Am I surviving? (ኣነ ንምንታይ እነብር ኣሎኹ?) እትብል መጽሓፍ ጽሒፎም ንኹሉ ታሪኾም ዘርዚሮም ጽሒፎምዎ ይርከቡ። ስቓይ ከኣ መጨረሻ ስለዘለዎ፡ ኣምላኽ ኣብ ሰማያዊ ቤቱ ጸዊዕዎም ስለዘሎ፣ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ኣቦ ንዝሃበና ፈጣሪ ነመስግኖ።

ክቡር ኣባ ክብሮም ንኣስታት 45 ዓመታት ክህነታዊ ኣገልግሎቶም ብዙሕ ኣፍርዮም እዮም፡ ኣምላኽ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ትጉህ ካህን ንዝሃበና እናመስገና፣ ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ከረን ሬሳኦም ንዓዲ ኣብ ምምጻእ ብዙሕ ንዝጸዓሩ ናይ ኣክራ ሊቀ ጳጳስ ብፁዕ ኣቡነ John Kwofie ምስ መላእ ቤተ-ክህነቶም ልባዊ ምስጋናኡ የቕርብ።

ኤርትራውያን ኣሕዋትን ኣሓትን፡ ብሞት ኣባ ክብሮም ተደናጊጾም፡ ንሶም’ውን ብዙሕ ዝጸዓሩ ስለዝኾኑ፡ ኣምላኽ ጻማኦም ኣይኸለኣዮም ንብል።

ሃቦ እግዚኦ ዕረፍተ-ዘለዓለም!

ቤ/ጽሕፈት ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ከረን።